Kab Arat Kilo Mekele teweschebet 01.10.2020

ካብ ኣራት ኪሎ መቐለ ተወሸበት
ብግብራ ካብ ኮረና ካንሰር ዝገደደት
ብሓሶት ስርቂ ሌብነት ዓይና ዝዓወረት
ይቕረ ክትብል ዓቕሚ ዝሰኣነት
ዕንደራ ደልያ ሽፍትነት ዝመረጸት
ኣብ መዓልቲ መዓልቲ ቃል እናቐያየረት
ሎሚ ሰላም ሰላም ኢላ እንተለመነት
ኣብ ልዕሌና ዘውረደቶ ዕንወት
ከመይ ጌርና ክንርስዖ ንዘንተ ዕለት

ጋህዲ ዝመስላ ለይቲ እንተሓለመት
ዓባይ ትግራይ ፈጢራ ኣብ ካርታ ወረቐት
ካብ ጽውጽዋይ 3 ሽሕ ዓመት ዘይተላቐቐት
ዘየለ ታሪኽ እናደባለቐት
ካብ ኣኽሱም ኣዱሊስ ዓሰብ ዝዘለለት
ንኑእሽተይ ትግራይ ነፊሓ ዘዕበየት
ባድመ ሒዛ ኣሻፈረኘ እንተበለት
ዘሚታ መሬት ወሎ ራያ ጎንደር ወልቃይት
ብትዕቢት ተሰንጢቃ ቅልጽማ እንተሕበጠት
ዓቕሊ ጌርና እንተርኣና ምቑሉልነት
መሲልዎም ኣላሽ ዝበልና ብፈኸራ ሰኽራማት

ኤርትራ ክትወርር ደቂሳ ከይሓደረት
20 ዓመት ጌራታ ኣይሰላም ኣይ ኩናት
ኤርትራ ምብርካኽ ብምንታከ ዘይፈተነት
ይቕረ ዘይባሃሎ ታሪኻዊ ጌጋታት ዝፈጸመት
ጨሪሳ ከይጠፍአት ጉድጉዋድ ከይ ኣተወት
ዝኣምና የልቦን ሎሚ እንተተመጻደቐት

ትግራይ ተበዲላ ሓደ ለባም ዝሰኣነት
ጂሆ ተታሒዛ ብዝኣረጉ ቆልዑት
መርገም ዶ ኣይኮነን ነዚኦም ክትፈሪ ዕለት
ኣብ መረጻ ዝወጹ ቀዳሞት
ብበዓል ስዩ ጻድቃን መስፍን ስብሓት
ቮድካቸው ረዳ ማለሊት ዓይና ዝዓወረት
ኣብ ሆቴላ መሽሚሻ ክትፍጽም እያ ነብሰ ቅትለት
ታሪኻ ክድምደም ትጽበያላ መቓብር ደበቢት
ከኒና Game ist over ምውሓጥ ካብ ኣበየት

ዓወት ንሓፋሽ !!
ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ ጀርመን